# ሌተናንት ጀነራል እያሱ መንገሻ ብሩ ወልቃይቴ እንክዝከሩ

====////====////====////====////====

ክቡራትን ክቡራንን ከመይ ትኾኑ ኣሎኹም፣ ከመይ ኣለኽን፣ ብምባል ናብ ቁውም-ነገረይ ብቐጥታ ክኣቱ እፈቱ።ርሑስ በዓል ፋሲጋ ንኣመንቲ እምነት ክርስትና እናበልኹ።ነቶም ኣመንቲ እምነት እስልምና ድማ ርሑስ ፆመ ሮመዳን ክገብረሎም ብምምናይ`የ።


ከም`ቲ ኣብ ኣርእስቲ ኣንቢብክምዎ ዘሎኹም ንሎሚ ብኽፊሉ ንሌተናንት ጀነራል እያሱ መንገሻ ክዝክር ተቐሲበ ኣሎኹ።ቅድሚኡ ግን ወላ እኮ ምስ ሌ/ጀነራል ላህመታዊ ኣፍልጦ ተነበረኒ-ብዕምቆት ክፈልጦም ምስ ተበገስኩ ግን ወድ'ቶም ዓበይቲ ሥድራ ዝኾኑ እንዳ ኣቶ መንገሻ ብሩ (ብሩ ወልቃይቴ) ኰነ ወድ ሓዎም ንኣቶ ሚካኤል ብሩ ኰይኖም ብምጽንሖም መገደይ ከንውሖን ግዳሰይ ክዕምዎን ሃንቃ ገይረ እየ።

በሉ ቕድሚኡ፡ተጓንፎይ ገለ ከውስእ እፈቱ።ሌ/ጀ እያሱ መንገሻን ዓቢይ ምሁር ዝኾኑ ኣቶ ነዋይ ገብረኣብ ቢያርግልኝ ብታሪኾምን ብኣካል ክፋለጦም ዕድል ገይረ ነይረ።ሳላ ዶ/ር ሰሎሞን ዑንቓይን ጀነራል ሰዓረ መኰነንን ቕድሚ 17 ዓመት ንክጽሕፎ ዝነቀንክሉ መፅናዕታት (ግን ዝተሰናከለ)፣ደሓር ድማ ቕድሚ 12 ዓመት ዳግማይ ዘበራረብርኽዎ (ጀነራል ምስ ዓረፉ) ኣብ ገለ ሽነኹ ሓገዝተይ ብምንባሮም ብመገዶም ዝተረኽበ ዲል ክፋለጦም በሪ ተራሕይዉለይ ምንባርሩ እዝክር።

ንሎሚ፡ንክልቲኦም ነፍሲሄራት መንግሥተ ሰማይ የዋርሶም እናበልኹ፣ናብ ጉዳየይ ክምለስ እየ።ኣብ ወርሒ መጋቢት ዓመተ 2022 ዓ/ም/ፈ፡ብዛዕባ ስድራ ኣቦይ መንገሻ ብሩ-ብመገዲ ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ፣ዶ/ር ዳኒኤል ተፈራን እንጅነር ግርማይ ተኽለሃይማኖትን ሰፊሕ ዕድል ምስ ረኽብኩ።ጠብላሕታይ ንእለቱ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኽቦታት-ብከም`ዚ መልክዑ ኣስፊረ ምንባረይ ብምውሳእ`ዩ።

## "[ታሪኽ](#) ኣቦይ መንገሻ፡ታሪኽ ትምህርትን ጻዕርን'ዩ።

ኣቦይ መንገሻ ብሩ፡ካብ'ዛ ዓለም፡ኣብ መበል 102 ዕድሚኦም፡ካብ ኣጸደ ሥግኦም ካብ ዝፍለዩ፡ እንሆ 58 ዓመት እኹ ድሮ ገይሮም ኣሎዉ፣እንተኰነ ብደሚቕ ታሪኾም እናሻዕ እናተዘከሩ ክኢሎም ኣሎዉ።




ብዛዕባ ኣቦይ መንገሻ ብሩ (ብሩ ወልቃይቴ) ቕድሚ ሎሚ፡ ታሪኽ ሕይወቶምን ኣብ ምትእትታው ቤት-ማሕተም ኣብ ምድረ-ሓበሻ፡ ኣድሂበ ወሳንን ቀላስን ተራ ዘሎዎም ወከፍ ብምዃኖም ፅሒፈ ብምንባረይ-ንሎሚ ብዙሕ ኣተኵሮይ ኣብዙይ ፅሑፍ ኣይገብሮምን `የ።

[#እተን](#) ኣደ ድማ ወ/ሮ ሰሎሜ ሃብተጊዮርግስ ክብርቲ በዓልቲ ቤቶምን፡ ኣብ ጸዓዘጋ (ኣውራጃ ሓማሴን)-ፈለማ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ዝተኽፍተሉ እዋን ጸዳል ብርሃን ምህሮ ዝቀሰማን ብብዙሕ ጎንታተን ኣብነታዊ ኣደን ዝኰና፡ኣደ 12 ፍሉጣት ዉሉዳት'ውን `የን።

ብዛዕብ`ኣን እውን ሓደ ምዕልቲ ክሓናጥጥ ተሰፋ እገብር።ግን ኣብ መዳይ ሕርሻን ምሕብሓብን ዉሉዳታን መርኣያ ካብ ዝኰና ኣዴታት ሓንቲ ብምዃነን ኰነ ብሑርየኣን በዓል ቤት ዝመረጻ ዘመናዊት ኣደ ምንባረን ጎሲየዮ ክሓልፍ ኣይረደኩን ኣሎኹ።

#እተን ሓንቲ ድማ ወ/ሮ ዉህበት ተወልደብርሃን መድሕን ይበሃላ።በዓል ቤተን ካብ'ቶም ፈላሞ ኣብ ታሪኽ ዘመናዊ ቤተ-ንባብ ታሪኽ ዘሎዎም፡ደራስን ጸሓፍን ዝኾኑ (ኣቶ ብእምነት ገብረኣምላኽ በዓል ኣማድር-ሰራየ ዝኾኑ ዝነበሩ) እየን።




ንሰን ኣቡኣንን ኣዲኣንን ኣብ ንኡስ ዕድሚኤን እዮም ካብ'ዛ ዓለም ተፈዮም።ኣቡኣን ናብ ኲናት ጥልያን-ኢትዪ ክሞቱ ከለው፥ ኣዲኣን ድማ ቕድሚ 75 ዓመት ከልቢ ነኺስዎን ግቡእ ኽሕምና ብዘይምርካበን ግዳይ ዝኾና ወ/ሮ ማርታ መንገሻ ብሩ እየን።

እቲ ዝሕዝን ታሪኽ ወለድን ከይኣኽለን፡ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ዝሰርሑ ዝነበሩ (መምህር ሥነ-ፅሑፍ) በዓል ቤተን ድማ ብኣጉ ብምቁፃዩ ኣደዳ እልበት ዝኾና እየን ግን ድማ ጽንዕቲ ከም ሻምላ-ፅንዓት እየን።

#ብዛዕብኣን ብዙሕ ክፅሕፍ ዝቅስብ ታሪኽ ኣሎዎን እዩ።እንተኾነ ክሕጽሮ ከለኹ፡ቅድሚ 60 ዓመት ኣቢሉ ኣብ ቤተ ንባብ ምስቶም ኣዝዮም ፍሉጣት ኢንግልዛውያን ምሁራትን ተመራመርትን ታሪኽ ዝኾኑ ናይ ምስራሕ ዕድል ኣጋጢምወን ብምንባሩ፡ተመኩሮኣን ብትሕትና ዝተሓወሶ ሣውያ ኣካፊለናኒ እየን።




ኣነ ድማ ብዙሕ ክመሃርን ክጥንቀቐሉ ዝግበኣን መዳይ ብምህላዉ፡ኣብ ምሕደራ ንብረትን ሰነድን ዘሎዎን ዉሩቕ ተመኩሮን ኣፍልጦን፡ኣዝየ ኣድኒቀየን ኣሎኹ።

ካልእ ድማ ኣብ ገዝኣን ዘሎ ታሪኻትን ኣሳእልን ዝገርምን ንዓመታትን ልዕሊ 75 ዝገበሩ ብልዑል ጥንቃቐ ምዕቃቡን ክእለት ምዝካረን ምሒር ይገመኻ እዩ።#ጓል 92/3 ዓመት ዝኾና ወ/ሮ ዉህበት፡ብስልኺ ኣብ ዝነበረ ርክባትና እዩ ብኣግኡ ኮቢዑ ነይሩ፣ብኣካል ምስ ተራኸብና ካብ ወግዕታትና ድማ ደብሪ-ታሪኽን ዝኽርን ኰይነን ረኺበየን።

#እሞ ደኣ ክንዮ ምዝንታው ታሪኽ ወለደን ታሪኽ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ምሁራት ኤርትራውያንን ተጋሩን ዝሓለፈ መዋእል ኰነ ንሓደ ሓደ ዓበይቲ ምሁራት ምንጭ ሓበሬታ ምንባረን ክግንዘብ ጊዜ ኣይቀለለንን ኣሎ።ከም'ቲ ዶ/ር ረዱይልፍ ሞልቨር ኣብ መጽሓፉ ከቲብዎ ዘሎ፡ማማ `ዉቢት'- ሃፍታም ብዕድመ ጸጋን ሃፍታም ብተዘኽሮን ምስክራትን ዝኾነ ጽንዕቲ ኣደ ብምኳነን ገለ ክሕንጥጥ ኣሎኒ ካብ ዝብል እንሆ ብሓጺሩ ተናኺፈዮ ኣሎኹ።

#እዘን ኣብ መበል ራብዐይቲ ስእሊ ዘሎዋ- ኣደ ድማ ወ/ሮ ርብቃ ቴድሮስ እበሃላ።ንእሽተይ ሓፍተን እየን።ኣብ መገዲ ኣየር ሰራሕተኛ ኰይነን ኰነ ኣብ ኤምባሲ ኣመሪካ ዝሰርሓን ኣብ ዕድመ መልዕሎ ዘሎዋን ኣደ እየን።



ኣብ ሃገረ ጀርመን ኰነ ኣብ ፈረንሳ ዝነበረ ንታሪኽ ኣባሓጎታተን ዝምልከት፡ኣሳእላትን ሰነዳትን ብምምጻእ ብናጻ ህያብ መጠየናኒ እየን።

#ንሰን እውን ብዙሕ ታሪኽ ዘሎውን ኣደ እየን ኣብ ግዚኡ ብዛዕብኣን ኰነ ብዛዕባ በኣሉ ግርማ፡ንክልቴን ኣዴታት፡ ከም መማህርተን መጠን ዝጸወያኒ፡ኣብ ዝማእማእኒ ጊዜ ክሓናጥጥ ተስፋ ብምግባር እዩ።

ወደሓንኹም! ኣይተስተዋሕድዎ ኢኹም።"

# ሌተናንት ጀነራል እያሱ መንገሻ ብሩ

ሌተናንት ጀነራል እያሱ መንገሻ፡ኣብ 1916 ዓ/ም/ፈ ኣብ ከተማ ከረን- ካብ ወላዲ ኣብኦም ኣቶ መንገሻ ብሩን ካብ ወላዲት ኣዲኦም ወ/ሮ ሰሎሜ ሃብተጊዮርግስ ተወልዱ።

ኣብ ከተማ ከረን ኰነ ኣብ ባጽዕ ኣቦይ መንገሻ ብሩ መምህርን ሰራሕተኛ ቤት ማሕተምን ብምንባሮም፣ንደቆም መባእታዊ ትምህርቶም ባዕሎም ኣምሂሮሞም እዮም።ናብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብዝመፁ ድማ ደቆም ኣብ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣትዮም ክመሃሩ ሰፊሕ በሪ ከፊቶሙሎም እዮም።እያሱ ወዶም እውን ናብ ድርኩኺት ቤት-ትምህርቲ ተፈሪ መኮንን ብምእታው ዘመናዊ ትምህርቱ ብዕቱብ መንፈስ ክከታተል ክኢሉ'ዩ።

ሌ/ጄነራል እያሱ መንገሻ ንሃገሮም ንምግልጋል ብዝነበሮም ብርቱዕ ሰሃሮ ልክዕ ከም ኣብኦምን ኣባሓጎታቶምን ኰነ ከም ሓወብኦም ኣቶ ሚካኤል ብሩ ኣምሳይኦም ንማህገራዊ ሓዊ ዝኰነ ብርቱዕ ስምዒት ተኰልኪሎም ናብ ወትሃደራዊ ዓለም ብኣግኡ እዮም ተጸንቢሮሞ።



ኣብ ኣጸድ ቤት-ትምህርቲ ዉትህድርና ብዘርኣይዎ ብቕዓትን ምትዕጽጻፍን ኸኣ፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ከይዶም ንዝበለጸ ዕድል ማህደረ ትምህርቲ ተላኢኾም እዮም።

"ጀነራል እያሱ መንገሻ ካብ ቁልዕነተይ ኣትሒዘ እፈልጦም እየ።ኣብ ካዛንቺስ እንዳ ኣኮይ ኣቶ ኣበበ ረታ ክነብር እንከሎና፡ ከም ጎረባብቲ መጠን ይኹን ካብ ኤርትራ ዝመጹ ብዙሓት ጸለውቲ ሰባት ብሓፈሻ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢ ካዛንቺስ፡ ብምንባሮም ኣፍልጦን ተዘኽሮታትን ኣሎኒ እዩ።

ጀነራል ድማ በሊሕን ቅልጡፍን ብምንባሮም ኣብ ዓዲ ፈረንሳ ከይዶም፡ኣብ`ቲይ ብሉፅ ወትሃደራዊ ቤት-ትምህርቲ ተማሂሮም እዮም።"- ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ሓደ መዓልቲ፡ኣብ ከባቢ ካዛንቺስ ተራኺብና፡ኣብ መጋርያ ወግዕታትና፡ ካብ ዘውግዑኒ ብጭልፋ እዩ።

"... ሌ/ጀነራል ኢያሱ መንገሻ፡ሀገራቸውን በውትድርና ለማገልገል ካላቸው ስሜት በመነሳት ገና በልጅነታቸው ነበር ወደ ወታደራዊው ሞያ የተቀላቀሉት።ጄነራሉ በወታደራዊዉ ሞያ ባሳዮት ቅልጥፍና የውጭ ሀገር የትምህርት እድል ካገኙ ወጣት መኮንኖች አንዱ ነበሩ። ከ1924 እስከ 1928 ዓ.ም ድረስ በፈረንሳይ ሀገር በሚገኝ በአንድ የጦር አካዳሚ ወታደራዊ ትምህርታቸውን ተከታትለው ወደ ሀገራቸው ተመልሰዋል።

ሌ/ጄነራል ኢያሱ መንገሻ በ1950 ዓ.ም ወደ አሜሪካን ሀገር በማቅናት በ ካንሳስ ፎርት ለቨን ወታደራዊ አካዳሚ የከፍተኛ ወታደራዊ አመራር ትምህርታቸውን ተከታትለዋል፤በዚህ የጦር አካዳሚ ውስጥ ከ1950 እስከ 1952 ዓ.ም ድረስ ቆይተዋል።

ሌ/ጄነራሉ ከአሜሪካ መልስ በ ኮንጎ የኢትዮጲያ ሰላም አስከባሪ ሀይልን በመምራት ሠራዊት የተወጣላት ስራ እንዲሰራ በማድረጉ ረገድ ሚናቸው ከፍተኛ ነበር።በ 1954 ዓ.ም ጄነራል ኢያሱ በኮንጉ ያሳዮት ውጤታማ ሥራን ከግምት ውስጥ በማስጋባት የኢትዮጵያ ጦር ሃይሎች ኢታማገ ርሹም ተብለው ተሾሙ።
በ1961 ዓ.ም ደግሞ በብሪታኒያ የኢትዮጵያ ባለሙሉ ሥልጣን አምባሳደር ተብለው ነበር።~"
ኢዮብ ዘለቀ ዝተብሃለ ጸሓፊ ካብ ዝጸሓፎ ዝተወሰደ ቁንጫብ ጽሑፍ እዩ።

ብሓጺሩ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ይመስል።`ካብ ዓመተ 1924-1928 ዓ/ም (ቕድሚ ጥልያን ነዛ ዘላ ኢትዮጵያ ምውራሩ።ንመመላእታ 4 ዓመታት እያሱ መንገሻ ብዝነበሮ ባህጊ ዉትህድርና ዓለም፣ናብ ሰራዊት ብምጽንባር ቕልጡፍ ዕቤት ብምርኣይን ጽምኢ ወትሃደራዊ ሕይወት ብምጽምኦም፡ ናብ ሃገረ ፈረንሳ ብምኻድ ዕድል ዝለዓለ ትምህርቲ ምርካቦም ዝገልጽ እዩ።

ካልእ ድማ ኣብ ዓመተ 1950 ዓ/ም ወይ ድማ ኣብ መወዳእታ 1950ታት ናብ ኣመሪካ ብምኻድ፡ኣብ ቤት ትምህርቲ ካንሳስ ፎርት ለቨን ዝተብሃለ ቤት ትምህርቲ ብወትሃደራዊ ትምህርቲ ዝለዓለ ወትሃደራዊ መሪሕነት ዝብል ዓውደ ትምህርቲ ቀሲሞም እዮም።ኣብ'ቲ ይ ወትሃደራዊ ቤት-ትምህርቲ ንመመላእታ ክልተ ዓመት ጸኒሖም እዮም።

ብተወሳኺ ኸኣ ጀነራል እያሱ መንገሻ ድሕሪ ካብ ኣመሪካ ምምላሶም፡ኣብ ፈለማ 1960ታት ኣብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝኰነት ኮንጎ ከም ዓቃቢ ሰላም ኰይኖም ብምዝማት ብዘርኣይዎ ጸብለልታ-ከም መርኣያ ዕጒብን ስልጡን እጃሞም ኣብ ኢትዮጵያ ከም ኢታማጆር ኰይኖም ክሸየሙ ክኢሎም እዮም- ዝብል እዩ።

ሌ/ጀ እያሱ መንገሻ ደርግ ዝተብሃለ ጉጅለ ብሃይለ መልጥን ብሸፈጥን፣ንዘውዳዊ ንጉሳዊ ስልጣን ኃይለሥላሴ ብምዕናውን ብምውጋድን፡ናብ ኮረሻ ስልጣን ምስ ተወጥሐ ኸኣ፡ኣብ ሱዳን ኮይኖም ንሰራዊት ኢድዩ ብምምስራት ምስ እኒ ራእሲ መንገሻ ስዩም ብምልፉን-ሓገዛት ካብ ከም እኒ ኢራንን ካልኦትን ብምእካብ ቃልሲ ጀሚሮም ነይሮም እዮም።ተሓህት (ሕወሓት ደሓር) ሓንሳብን ንሓዋሩን ብወትሃደራዊ ሓይሊ ክሳዕ ትጸራርጎም ዝከኣሎም ከም ዝገበሩ ታሪኾም ይገልጽ እዩ።

ብሕወሓት ዝምራሕ ኢህወደግ ዝበሃል ዉድብ፡ ኣብ ዓመተ 1983 ወይ ድማ ኣብ 1991 ናብ ኮረሻ ስልጣን መጺኡ ንኢትዮጵያ ክመርሕ ኣብ ዝጀመረሉ ድማ ሌ/ጀ እያሱ መንገሻ ከም ምሉእ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ሃገረ ፈረንሳ ኰይኖም ከገልግሉ ተመዚዞም እዮም።ንኣስታት 3 ዓመት ድማ ከም ኣምባሳደር ብንምኳን ሰሪሖም እዮም።

ጀነራል እያሱ ኣብ መበል 88 ዕድሚኦም ኣብ ወርሒ ሰነ 2005 ዓ/ም/ፈ (ወይ ድማ ኣብ 1997  ድባብ ድባበ ዕግርግር ምርጫ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዝክር)- ካብ'ዛ ዓለም ብስጋዊ ሞት ተፈለዩ።

"⊷ ከጎን በምስሉ ላይ አምባሳደር እያሱ መንገሻ (ሌ/ጀ) የኢትዮጵያ አምባሳደር የሹመት



ደብዳቤያቸውን ለንግስቲቱ ለማቅረብ ወደ ንጉሣዊ መኖሪያ እና የዩናይትድ ኪንግደም ንጉሠ ነገሥት አስተዳደር ዋና መሥሪያ ቤት (ቡኪንግሃም) ቤተመንግስት ሲያቀኑ፤(ለንደን-ሚያዝያ 15/1962 ዓ.ም)"- ካብ ጽሑፍ ኢዮም ዝተወሰደ እዩ።

ኣምባሳደር እያሱ መንገሻ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1970 ዓ/ም/ፈ፡ኣብ ከተማ ሎንደን ዓዲ እንግሊዝ ንምምሕዳር ንጉሳዊ ቤትሰብ ከም ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኰይኖም ንምስራሕ ወረቐት ስርሖም ከረክቡ እናተሸባሸቡ ተርእይ ስእል'ያ።

ንሎሚ ብዛዕባ ሌ/ጀነራል እያሱ መንገሻ (ወልቃይት ብእንዳብኦም፣ሓማሴናዊ ብእንዳ ኣዲኦም) ዝኰኑ ኣብ ከረን ጻዕዳ ዝተወልዱን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ፍጻሜ ጉዕዞ ህይወቶም ዝገበሩ እዙይ ክብል እፈቱ።